# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ታሕሣሥ 4ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **21 ታሕሣሥ 2015** | **መኃ. 2፡8-14**<br>**መዝ 2-3, 11-12, 20-21**<br>**ሉቃ 1፡39-45** | ቃል ኣምላኽ ኪዛረበና እናበሃግና፡ እስከ ጽን ንበሎ፡ ሎሚኸ እንታይ ኪብለና እዩ?<br>• ኣብ መኃልየ ምኃልይ ነፍስና "ድምፂ ፈታውየይ እሰምዕ ኣለኹ፡ እንሆ፡ ኣብ ልዕሊ ኣኽራን ኣናዘለለ፡ ኣብ ልዕሊ ኾርባታት እናተናጠረ ይመጽእ ኣሎ።" እናበለት ንኣምላኽ ሃረር ትብሎ ኣላ። ኣምላኽ ከኣ "ኣቲ ፍትውተይ ተንሥኢ፡ ጽብቕተየ ንዕናይ ምሳይ" እናበለ ንነፍስና ምስኡ ክትጐዓዝ ይዕድማ ኣሎ።<br>• መዝሙር ዳዊት ንኣምላኽ ክንዝምርሉን ዕልል ክንብለሉን ይዕድመና ኣሎ። "እግዚኣብሔር ዝኣምልኹ ሕዝቢ ብፁዕ እዩ፣ እቲ ናቱ ኪኸውን ዝኃረዮ ሕዝቢ ብፁዕ እዩ" እናበለ ክሳዕ ክንደይ ዕድለኞታት ምዃና ይነግረና። ቀጺሉ እቲ ምኽንያቱ ኪገልጽ ከሎ፡ "ንሕና ትጽቢትና ካብ እግዚኣብሔር እዩ፣ ሓገዝናን ዋልታናን ንሱ እዩ። ኣብ ቅዱስ ስሙ ስለ ዝተኣመንና፡ ብእኡ ንሕጎስ ኣሎና" ይብል።<br>• ወንጌል ድማ ብዛዕባ ማርያም  ናብ ኤልሳቤጥ ንምብጻሕ ተቐላጢፋ ናብ ዝባን ይሁዳ ምኻዳ ይደግመልና።<br><br>ሎሚ ኣምላኽ ይዛረበና ኣሎ። መድኃኒና እቲ "ፈታዊና" እናዘለለ ብጉያ ናባና ይመጽእ ኣሎ። ንነፍስና ከኣ "ንዕናይ ምሳይ" ይብላ ኣሎ። እንታይ ክንገብር? ምስኡ ክንሕጐስ። ንሕና እቲ ናቱ ክንከውን እግዚኣብሔር ዝኃረዮ ሕዝቢ ኢና። ብፁዓን ኢና። ትጽቢትና ካብ እግዚኣብሔር ስለ ዝኾነን ብእኡ ስለ ዝተኣመናን ንሕጎስ። ናይ ሎሚ ወንጌል ከኣ ደጊምና ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ዘስተንተናዮ ማርያም ናብ ቤት ዘካርያስን ኤልሳቤጥን ክትበጽሓ ከላ ይመልሰና። ማርያም መድኃኒ ጾይራ ናብታ ዘለናያ ቤት ትመጸና ኣላ። እቲ ቃል ኣምላኽ እምበኣር ነቲ "ሰላምታ ማርያም" ክንሰምዕን፡ እቲ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ኪልውጠናን ይደልየና ኣሎ። "ኣደ ጐይታይ ናባይ ክትመጺኸ እዚ ካበይ ኾነለይ?" ኢልና ክነመስግን ኢና። በዚ ከኣ ንኣምላኽ ክንውድስን ክነምልኾን፣ ንማርያም ከኣ "ብፅዕቲ" ክንብላ ኢና። "ኣታ ኣምላኽ፡ ክሳዕ ክንደይ ዓቢይ ኢኻ! ንጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ወድኻ ካብ ሰማይ ወሪዱ ኣብ ከርሲ ማርያም ሓዲሩ ናባና ኪመጽእ ዝፈቐድካ ነመስግነካ ኣሎና። ብድምጺ እታ ወላዲትካ ዝኾነት ማርያም ብሓጎስ ከተሰራስረና ስለ ዝፈቐድካ ነመስግነካ ኣሎና። ምሕረትካ ኣይፈለየና! ኦ ኣዴና ብፅዕቲ ዝኾንኪ ማርያም፡ ንስኺ ትሕቲ ባርያ እግዚኣብሔር ኮይንኪ ንድኅነትና ሕራይ ምባልኪ ነመስግነኪ ኣሎና። ኣብ ኣምላልድነት ጸሎትኪ ንምዕቆብ ኣሎና።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **22 ታሕሣሥ** | **1 ሳሙ 1፡24-28**<br>**1 ሳሙ 2፡1, 4-8**<br>**ሉቃ 1፡46-56** | ቃል ኣምላኽ ኪዛረበና እናበሃግና፡ እስከ ጽን ንበሎ፡ ሎሚኸ እንታይ ኪብለና እዩ?<br>• 1ይ መጽ. ሳሙኤል 1ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ሓና ንሳሙኤል ወዳ ናብ ቤተ መቕደስ ከም ዘወፈየቶ ይነግረና። ቀጺሉ ኣብ 2ይ ምዕራፍ ነቲ ካብ ልቢ ሓና ዚፈልፈለ ጸሎት ምሳጋና  የቕርበልና። ንወዳ ከተወፍዮ ከላ ከኣ "ነዚ ቘልዓዚ ኪህበኒ እየ ዝለምን ዝነበርኩ፣ እግዚኣብሔር ከኣ ነቲ ዝለመንክዎ ኩሉ ሃበኒ። ስለዚ ኣነ ድማ ንእግዚኣብሔር እህቦ ኣሎኹ፣ ምሉእ ዕድሜኡ ንእግዚኣብሔር ተዋሂቡ እዩ" በለት።" ንእግዚኣብሄር ከተምስግኖ ከላ ከኣ "ልበይ ብእግዚኣብሔር ይሕጎስ፣ ኃይለይ ከኣ ብእግዚኣብሔር ልዕል ይብል። ስለ ዘድኃንካኒ ተሓጒሰ እየ እሞ፣ ኣብ ልዕሊ ጸላእተይ እሕበን ኣሎኹ። . . . ቀስቲ እቶም ኃያላት ተሰብረ፡ እቶም ሰንከልከል ዚብሉ ዝነበሩ ከኣ ኃይሊ ተዓጥቁ። እቶም ዚጸግቡ ዚነበሩ ከኣ ምእንቲ እንጌራ ተዓሰቡ፣ እቶም ጥሙያት ድማ ደጊም ኣይጠምዩን። እወ እታ መኻን ሾውዓተ ወለደት፣ እታ ወላድ ግና ውሉድ ሰኣነት። . . . ነቲ ነዳይ ካብ ሓመድ የተንሥኦ፡ ነቲ ድኻውን ካብ ጎሓፍ |

| | | |
|---|---|---|
| | | የልዕሎ፡ ምስ መኳንንቲ የቐምጦም፡ ዝፋን ክብሪውን የውርሶም።” እናበለት ንኣምላኽ ኣመስገነት።<br>• ወንጌል ከኣ ናይ እዴና ማርያም ጸሎት ምስጋና የቕርበልና። “ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ፡ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኽይ በቲ መድኃኒየይ፡ ባህ ይብሎ። ውርደት ባርያኡ ርእዩ እዩ እሞ እንሆ ካብ ሕጂ ኩሎም ወለዶ ብፅዕቲ ኪብሉኒ እዮም። ከምቲ ነቦታትና፡ ንኣብርሃምን ንዘርኡን ዝነገሮም፣ ንዘለዓለም ምሕረቱ እናዘከረ ንእስራኤል ባርያኡ ተቐበሎ።” እናበለት ማርያም ንኣምላኽ ኣመስገነት።<br><br>ሎሚ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ክልተ ኣንስቲ ይዛረበና፣ እታ ቀዳመይቲ ካብ ኦሪት ሓና ኣደ ሳሙኤል ነብይ ክተከውን ከላ፣ እታ ካልኣይቲ ድማ ማርያም ኣደ ኢየሱስ ክርስቶስ እቲ መድኃኒና እያ። ሓና መኻን ስለ ዝነበረት ተናዒቃን ተዋሪዳን ትነብር ስለ ዝነበረት፣ ድሕሪ ክንደት ንኣምላኽ ምልማን ውሉድ ምስ ረኸበት፡ ንውሉዳ ንኣምላኽ ኬገልግል ከም ዘወፈየቶን ንኣምላኽ ከም ዘመስገነቶን ርኢና። እቲ ናታ ተግባር ግና ብዓቢኡ ኣብ ማርያም ብሓዲሽ ትርጉም ኪፍጸም ንርእዮ። እስራኤል ተረጊጹን ተናዒቑን ተደርብዮን ኪነብር ድሕሪ ጸኒሑ ኣምላኽ ነቲ መሲሕ (እቲ መድኅኒ) ምስ ለኣኾ፣ ነቲ ዚፍጸም ዝነበረ ዓቢይ ምሥጢር ዝተረድአት ማርያም ስለ ድኅነት ደቂ እስራኤል (ሕዝቢ እግዚኣብሔር) ማለት ድኅነት ኩሎም ዘመደ ኣዳም ስለ ዝረኣየት በቲ ስራሕ ኣምላኽ ትሕጐስ። በቲ ኣምላኽ ንኣብርሃምን ንዘርኡን ሂቡዎ ዝነበረ ተስፋ ድኅነት ስለ ዝፈጸሞ ትሕጎስን ንኣምላኽ ልዕል ተብሎን። ንሕናውን በዚዓቢይ ውህበት ድኅነት ንኣምላኽ ክነመስግኖ ንዕደም ኣሎና። “መሰል ውሉድ ኣምላኽ ምዃን” ስለ ዝረኸብና እንሕጐሰሉ ግዜ እዩ። ዕብየት ናይዚ ዕድል እዚ ክርዳኣናን ከነመስግንን ምእንቲ ክንክእል ንመንፈስ ቅዱስ ኣዒንቲ ልብና ኪኸፍተልና ክንልምኖ የድልየና ኣሎ። “ንዓ መንፈስ ቅዱስ መሰል ውሉድነት ምርካብ እንታይ ማለት ምዃኑ ክርዳእን ብእኡ ኪሕጐስን ሓግዘኒ!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **23 ታሕሣሥ** | ሚልክያስ 3፡ 1-4<br>ምዝ 25፡ 4-5, 8-10, 14<br>ሉቃ 1፡ 57-66 | ቃል ኣምላኽ ኪዛረበና እናበሃግና፡ እስከ ጽን ንበሎ፡ ሎሚኸ እንታይ ኪብለና እዩ?<br>• ሚልክያስ ነቢይ “እንሆ ኣነ ንልኡኸይ እልእኸ ኣሎኹ፡ ንሱ ቐቕድመይ መገዲ ኺጸርግ እዩ። ብኡብኡ ከኣ እቲ እትደልይዎ ጐይታ ናብ መቕደሱ ኺመጽእ እዩ፣ እቲ እትናፍቕዎ መልኣኽ ኪዳነይ ኬበስር እንሆ ይመጽእ ኣሎ።” ይብል። ቀጺሉ ዜጽሪ ሓዊ ወይ ሳሙና ኮይኑ ከመጻኩም እዩ፣ . . . ንሱ ኪግለጽ  ከሎስ መን ኪቐውም እዩ? . . . ንካህናት ኬጽርዮም እዩ፣ ንሳቶም ከኣ ንእግዚኣብሔር መሥውዕቲ ብጽድቂ ኺሥውዕሉ እዮም። . . . ሽዑ መሥዋዕቲ ይሁዳን ኢየሩሳሌምን . . . ንእግዚኣብሔር ባህ ኬብሎ እዩ።” ይብል።<br>• መዝሙር ከኣ “ኦ እግዚኣብሔር ጐደናታትካ ኣፍልጠኒ፡ መገድታትካ ምሃረኒ። ንስኻ ኣምላኽ ምድኃነይ ኢኻ እሞ ከም ትእዛዛትካ ኽነብር ምሃረኒ። ኩሉ መዓልቲ ትጽቢተይ ካባኻ እዩ። . . . እግዚኣብሔር ሠናይን ቅኑዕን እዩሞ፡ ንኃጥኣን መንገዱ ኺምህሮም እዩ። . . . እግዚኣብሔር ነቶም ዚፈርህዎ ምሥጢሩ ይገልጸሎም፡ ኪዳኑውን የፍልጦም።” ይብል።<br>• ወንጌል ከኣ ብዛዕባ ልደት ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ ይነግረና። ኣብ ሻምናይ መዓልቱ ኪገርዝዎ ኣዝማድ ምስ ተኣከቡ፡ ዘካርያስ ኢሎም ኪሰምይዎ ደለዩ፣ ኣዲኡ ግና “ዮሓንስ ተባሂሉ እዩ ዚስመ” በለቶም። ነብኡ ዘካርያስ ብምልክት ምስ ሓተትዎ (ገና ልሳኑ ተለጉሙ ስለ ዝነበረ)፡ ንሱ ከኣ “ዮሓንስ” ኢሉ ጸሓፈ፣  ልሳኑ ከኣ ብኡንብኡ ተኸፍተ ንኣምላኽ ከኣ ኣመስገነ። ኣብ ኩላቶም ከኣ ፍርሃት ኮነ። “ኃይሊ እግዚኣብሔር ከኣ ምስቲ ሕፃን ነበረት”።<br><br>እዚ ናይ ሎሚ ንባባት ኩሉ ናብቲ ቐቕድሚ ጐይታ መንገዱ ኪጸርግ ኪመጽእ ዝነበሮ ነቢይ ይዛረብ። ንሱ ዮሓንስ መጥምቕ እዩ ዝነበረ። ንኣና ንኃጥኣን መንገዲ እግዚኣብሔር ኪምህረናን፡ ካብ ኃጢኣትና ኪንምለስ ዚጭድር ድምጺ እዩ። ንሕና ክንድኅን ምእንቲ ትእዛዛት ኣምላኽ ክንሕሉ ይምህረና። እግዚኣብሔር ኩሉ ግዜ ነቶም ዚፈርህዎ ምሥጢሩን ኪዳኑን የፍልጦም። ኣብ ጸሎት ድምጺ ኣምላኽ ክንሰም ሃረር ንበል። ንሱ ኪዛረበናን በታ ክንከዳ ዘሎና መንገዲ ከርእየናን እዩ። ንኣምላኽ ሕቶታትና ሒዝና ንምጽኣዮ፣ ንሱ ኪምልሰልና እዩ። ተስፋ ኣይንቑረጽ፡ ኣጆና! ኣምላኽ ቀረባ እዩ። ኬድኅነና ድማ እዩ። “ንዓ ኦ ኣምላኽ ምሳይ ኩን፣ ብኃጢኣተይ ርትዓኒ መንገድኻ ኪስዕባ ምእንቲ ኣርእየኒ።” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **24 ታሕሣሥ** | **2 ሳሙ 7፡ 1-5, 8-12, 14, 16**<br>***መዝ* 89፡ 2-5, 27, 29**<br>***ሉቃ* 1፡ 67-79** | ቃል ኣምላኽ ኪዛረበና እናበሃግና፡ እስከ ጽን ንበሎ፡ ሎሚኸ እንታይ ኪብለና እዩ?<br>• 2ይ ሳሙኤል 7ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ዳዊት ንጉሥ ቤተ እግዚኣብሔር ክሠርሕ ከም ዝሓሰበ፣ እንተኾነ እግዚኣብሔር ብነብይ ናታን ገይሩ፡ "ብድኅሬኻ ንሓደ ካብ ደቅኻ ልዕል ከብሎ እየ፣ ነታ መንግሥቱውን ኬጽንዓ እየ። ንሱ ብስመይ ቤት ኪሠርሕ እዩ፣ ኣነ ከኣ ዝፍን መንግሥቱ ንዘለዓለም ኬድጽንዓሉ እየ" ከም ዝበሎ ንርኢ።<br>• መዝሙር ከኣ "ምስ ኅሩየይ ኪዳን ኣቶኹ፡ ንዳዊት ባርያይ ከኣ 'ዘርእኻ ንዘለዓለም ከጽንዕ፡ ዝፋንካውን ንውሉድ ወለዶ ከጽንሕ እየ' ኢለ መሓልኩሉ። . . . ኣነውን በዅረይ ክገብሮ እየ፣ ንሱ ካብ ነገሥታት ልዕል ዝበለ ኪኸውን እዩ። . . . ካብ ዘርኡ ንዘለዓለም ከንግሥ እየ፣ ንመንግሥቱውን ከም ዕድመ ሰማይ ኪገብሮ እየ።" ይብል።<br>• ወንጌል ከኣ ዘካርያስ ካህን (ኣቦ ዮሓንስ መጥምቕ) ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ዝተነበዮ ትንቢት የቕርበልና። "ከምቲ ካብ ጥንቲ ኒዙ ብኣፍ እቶም ቅዱሳን ነብያቱ ዝተዛረቦ፡ ኣብ ቤት ዳዊት ባርያኡ ኃይሊ ምድኃን ኣተንሥኣልና። . . . እዚ እቲ ነቦና ኣብርሃም ዝመሓለሉ ማሕላ እዩ፣ ካብ ኢድ ጸላእትና ድኂና ብዘይ ፍርሃት ምእንቲ ከነምልኾ፡ ብዅሉ ዘመን ሕይወትና ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ብቕድስናን ብጽድቅን ምእንቲ ክነብር።" ይብለና።<br><br>እቲ ንዘለዓለም ዚነግሥ ወዲ ዳዊት ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ንሱ እዩ እቲ ናብ ብሓቂ ቤተመቕደስ ኣምላኽ። ንሱ እዩ እቲ ናይ ብሓቂ ምሉእ እግዚኣብሔር ኣቦ ዚብህጎ ዚሓርር መስዋዕቲ ምስጋና። ንሱ እዩ እቲ ካብ  እቲ እኩይ ጸላኢናን ተጻራሪናን ዝኾነ ሰይጣንን መንግሥቲ ጸልማትን ዘድኀነና። ንሱ እዩ እቲ ካብ ኃጢኣትና ዚሓጽበናን ውሉድ ኣምላኽ ዚገብረናን። ንሱ እዩ እቲ ብዘይ ፍርሃት ንኣምላኽ ከነምልኾን፡ ብዅሉ ዘመን ሕይወትና ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ብቕድስናን ብጽድቅን ክነብር ዘኽእለና። ከም መድኃኒና ንቀበሎ፣ ጐይታ ሕይወትና ንግበሮ። "ንዓ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሕይወተይ ኣድኅን፡ ንሕይወተይ ግዛእ፡ ንሕይወተይ ምራሕ! ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **25 ታሕሣሥ** | **ኢሳ 9፡ 1-6**<br>***መዝ* 96፡ 1-3, 11-13**<br>**ቲቶ 2፡ 11-14**<br>***ሉቃ* 2፡ 1-14** | ቃል ኣምላኽ ኪዛረበና እናበሃግና፡ እስከ ጽን ንበሎ፡ ሎሚኸ እንታይ ኪብለና እዩ?<br>• ኢሳያስ ነብይ "እቲ ኣብ ጸልማት ዚነብር ሕዝቢ ዓቢይ ብርሃን ረኣየ፣ ነቶም ኣብ ጸልማት ምድሪ ሞት ዝነብሩ ድማ ብርሃን ወፀሎም። . . . ሕፃን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተዋሂቡና እዩ፣ ንሱ ገዛኢና ኪኸውን እዩ። . . . ግዝኣት መንግሥቱ ኣናዓበየ ኪኸይድ እዩ፣ ብዘመን መንግሥቱ ድማ ዅሉ ሰላም ኪኸውን እዩ። ኣብ ዙፋን ንጉሥ ዳዊት ኮይኑ ኺገዝእ እዩ። ካብ ሕጂ ንዘለዓለም ብሓቅን ብፍትሕን ኪገዝእ እዩ።" ይብለና።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ "ንእግዚኣብሔር ሓዲሽ መዝሙር ዘምሩ፣ ኣብ ምድሪ እትነብሩ ኩሉኹም ንእግዚኣብሔር ዘምሩ። . . . ሰማያት ይተሓጐሱ፡ ምድሪውን ባህ ይበላ፡ ባሕርን ኣብኣ ዘሎን እልል ይበል። . . . ከመይ እግዚኣብሔር ንዓለም ኪፈርድ ኪመጽእ እዩ፣ ንሕዝቢ ዓለም ብፍትሕን ብቕንዕናን ኪፈርዶም እዩ።" ይብለና<br>• መልእኽቲ ናብ ቲቶ ከኣ "እቲ ምድኃን ዜምጽእ ጸጋ ኣምላኽ ንዅሉ ሰብ ተገሊጹ እዩ። እዚ ንኽሕደትን ንዓለማዊ ትምኒትን ኃዲግና ኣብዚ ዓለም እዚ ገዛእ ርእስና ብምግታእን ብጽድቅን ብመንፈሳውነትን ክነብር ይምህረና። . . . ንሱ ካብ ኃጢኣት ዘበለ ሓራ ምእንቲ ኼውጽኣና፣ ንሠናይ ግብሪ ዚቐንኡን ንእኡ ዚኾንዎን ሕዝቢ ምእንቲ ኼንጽሕ ገዛእ ርእሱ በጃና ኣኅለፈ።" ይብለና።<br>• ወንገል ከኣ ብዛዕባ ልደት ጐታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይዛረበና። "በዅሪ ወዳ ወለደት በጭርቕቲውን ጠቕለለቶ፣ ኣብቲ ማኅደር ኣጋይሽ ሥፍራ ስለ ዘይነበሮም ድማ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ። . . . "እንሆ ንኩሉ ሕዝቢ ዝኸውን ዓቢይ ሓጐስ ኣበሥረኩም ኣለኹ እሞ |

| | | |
|---|---|---|
| | | ኣይትፍርሁ። ምኽንያቱ ሎሚ መድኃኒ ክርስቶስ ጐይታ፡ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ኣሎ።” እናበሉ ንጓሶት ኣበስርዎም። ጭፍራ መላእኽቲ መጺኦም ከኣ “ክብሪ ንእግዚኣብሔር ኣብ ኣርያም፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ ሞንጎ እቶም እግዚኣብሔር ዚሕጐሰሎም ሰብ።” እናበሉ ይዝምሩ ነበሩ።<br><br>ኩሉ ንባባት ቃል ኣምላኽ ናብቲ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ምእንታና ዝወረደ መድኃኒ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንጥምት ይገብረና ኣሎ። ድሕሪ ነዊሕ ዘመናት ትጽቢት ካብታ ድንግል ተወሊዱ ስጋና ለቢሱ ኣብ ሞንጎና መጸ። ኣብ ምድሪ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ንኪተክል መጸ። ንኣና ነቶም ጠፊእና ዝነበርና፣ ማለት ነቶም ካብ ኣምላኽ ርሒቕና ሓጎስ እንረክብ ዝመስለና፣ ብስጋ ክትጥዕመና ኣብዚ ዓለም እዚ እንጽዕርን እንደክምን ሰባት፡ መንገዲ ከርእየን መጺኡልና። ናይ ኣምላኽ ፍቕሪ ሒዙልና መጺኡ ኣሎ። ታሪኽ ኣይኮነን። ንሱ ሕያው እዩ። ኣብ ቀረባና እዩ ዘሎ። እንተ ጸዊዕናዮን ልብና እንተ ኸፊትናሉን ኪመጸናን ኬጸናንዓናን እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብጸሎት ንቕረብ፣ ኣብ ቃል ኣምላኽ ንድለዮ፣ ኣብቲ ብፍቕሪ ዚግበር ኣገልግሎት ኣሕዋትን ኣሓትን ንድለዮ። “ንዓ ኢየሱስ ሕፃን ጐይታ ኣብ ልበይ እቶ። ምሳይ ኩን።” |

ዝ

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **26 ታሕሣሥ** | **ግሓ 6፡ 8-10, 7፡ 54-59**<br>**መዝ 31፡ 2-4, 6, 8, 17**<br>**ማቴ 10፡ 17-22** | ቃል ኣምላኽ ኪዛረበና እናበሃግና፡ እስከ ጽን ንበሎ፡ ሎሚኽ እንታይ ኪብለና እዩ?<br>• ግብረ ሓዋርያ ብዛዕባ ቅዱስ እስጢፋኖስ - እቲ ቀዳማይ ካብ ክርስትያን ሰማዕታት - ከም ዝተታሕዘን ብዳርባ እምኒ ከም ዝተቐትለን የዘንትወልና። “እስጢፋኖስ ድማ ጸጋን ኃይልን መሊእዎ ኣብ ማእከል ሕዝቢ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራት ይገብር ነበረ። . . . ኣቱም ተረርቲ ክሳድ፡ ልባትኩም ኣእዛንኩምን ዘይተገዝረ፡ ንስኻትኩምውን ከምቲ ናይ ኣቦታትኩም ንመንፈስ ቅዱስ ኩሉ ጊዜ ትጻረርዎ ኣሎኹም።” እናበለ ብትብዓት ብዛዕባ ኢየሱስ ክርስቶስ ይምስክር ስለ ዝነበረ ተጻረርዎ። ኣብ መጨረሻኡ ድማ “ንኣምላኽ ጸሪፉ’ ኢሎም ብዳርባ እምኒ ቀተልዎ። ኪቐትልዎ ከለዉ ድማ “ጐይታይ እዚ ኃጢኣት እዚ ኣይትኃዘሎም” እናበለ ንቐተልቱ ምሕረት ገይሩ ሞተ።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ “ጽን ኢልካ ስምዓኒ ሕጂ ኣድኅነኒ፣ ዝዕቆበሉ ጽኑዕ ከውሒ፡ ዝድኅነሉ ዕርዲ ኹነኒ። . . . ንስኻ ጸግዐይ ኢኻም፡ ካብቲ ብሕቡእ ዘጻወዱለይ መፈንጥራ ኣውጽኣኒ። . . . ኣብ ኢድ ጸላኢ ኣኅሊፍካ ኣይሃብካንን፡ ናብ ዝደሌኽዎ ኪኸይድ ሓራ ገበርካኒ።” እናበለ ይጽሊ።<br>• ወንጌል ከኣ ሓዋርያት መከራ ኪቕበሉ ከም ዘለዎም ኢየሱስ ከም ዝነገሮም ይገልጸልና። ኢየሱስ “ካብ ሰብ ተጠንቀቑ፡ ንሳቶም ናብ መጋብእያታት ኣኅሊፎም ኪሁቡኹም፡ ኣብ ኣባይቲ ጸሎቶም ኪገርፍኹም እዮም። ንኣኣቶምን ነሕዛብን ንምስክር ምእንቲ ኪኸውን ብኣይ ምኽንያት ናብ መኳንንትን ናብ ነገሥታትን ክትውሰዱ ኢኹም። . . . ኣኅሊፎም ኪሁብኹም ከለዉ እንታይ ከም እትዛረቡ በታ ሰዓት እቲኣ ኪወሃበኩም እዩ እሞ ከመይ ወይ እንታይ ከም እትዛረቡ ኣይትጨነቑ። መንፈስ ኣቦኹም እዩ ብኣኻትኩም ዚዛረብ ኣምበር፡ ንስኻትኩም ኣይኮንኩምን እትዛረቡ።” እናበለ ኣጠንቂቕዎም ነይሩ።<br><br>• ኣብ ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ፡ ንክርስቶስ ምስዓብ ስደት ዜስዕብ ምዃኑ የነግረና። ብምኽንያት እምነትና ሰባት ከሳድዱና ምዃኖም ኣነጺሩ ይነግረና። ንክርስቶስን ንከፋኣት ናይዛ ዓለምን ብሓደ ክንወዶም ኣይንኽእልን ኢና። ሓቂ ክርስቶስ ክንምስክር ከሎና፡ እቲ ግብሮም በቲ ካባና ዚወጽእ ብርሃን ክርስቶስ ስለ ዚግለጽ ይጸልኡና። ንሳቶም ኬሳጉጉና ኣንጻርና ከኣ ይስለፉ። ምእንቲ ድኅነት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ከኣ ሰማዕትነት ክንረክብ ግድን እዩ። ሰማዕትነት ማለት ምስክርነት ማለት እዩ። ገለ ብደሞም ንሃማኖትም ዚምስክሩ ክርስቲያን እኳ እንተ ኣለዉ፡ ኩላትና ግን ነንመዓልቱ ምእንቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ክንጾሮም ዘሎና ኣሕዋትን ኣሓትን ስለ ዘለዉና ምስክርነትና ክንህብ ትሑዛት ኢና። ብዘይ ምስክርነት ዘዕንብብን ዚፈርን ሕይወት ክርስትና የልቦን። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ፡ ብጸጋ መንፈስ ቅዱስካ ንሃይማኖተይ ክነብሮ ኃይሊ ሃበኒ፣ ብቑዕ መስካሪኻ ከም ዚኸውን ግበረኒ! ንፍቕርን ንሓቅን ከይፈራህኩ ከም ዝምስክር ግበረኒ! ኣብነት እቶም ቀዳሞት ሰማዕታ ከም ዚኽተል ግበረኒ! ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **27 ታሕሣሥ** | **ሲራክ 3፡ 2-7, 12-14**<br>**መዝ 128፡ 1-5**<br>**ቆሎሴ 3፡ 12-21**<br>**ሉቃ 2፡ 22-40** | ቃል ኣምላኽ ኪዛረበና እናበሃግና፡ እስከ ጽን ንበሎ፡ ሎሚኸ እንታይ ኪብለና እዩ?<br>• ሲራክ ብዛዕባ ምእዛዝን ምኽባርን ወለዲ ይዛረበና። "እግዚኣብሔር ንወለዲ ኣብ ልዕሊ ደቆም ሥልጣን ሂብዎም እዩ፣ . . . ነቦኻ እንተ ኣኽበርካ ኃጢኣትካ ይሥረየልካ፣ ነዴኻ ኣንተ ኣኽበርካ ከኣ ብዙኅ ሃብቲ ትድልብ። . . . ነቦኻ ብምኽባርን ነዴኻ ከም እትሕጐስ ብምግባርን ንእግዚኣብሔር እንተ ተኣዘዝካ፣ ዕድሜኻ ነዊሕ ኪኸውን እዩ።" ይብለና።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ ንእግዚኣብሔር ብምፍራህን ምእዛዝን ሕይወትካ ከም ዚባረክ ይነግረና። ". . . ዕዮ ኣእዳውካ ዘፍረዮ ክትበልዕ ኢኻ፣ መነባብሮኻ ኹሉ ከኣ ኺባረኽ እዩ። ሰበይትኻ ኣብ ውሽጢ ቤትካከም ፈራዪት ወይኒ ኽትከውን እያ። ውሉድካ ኣብ ዙርያ መኣድኻ ከም ተኽሊ ኣውሊዕ ኪኾኑ እዮም። እንሆ እቲ ንእግዚኣብሔር ዚእዘዝ ሰብ ከምዚ ኢሉ ኺባረኽ እዩ።" ይብለና።<br>• መልእኽቲ ናብ ሰብ ቆላስያስ ከኣ "እምበኣር ኣምላኽ ከም ዝኃረዮም ቅዱሳንን ፍቁራትን ሕዝቢ ኼንኩም ምሕረት፡ ለውሃት፡ ትሕትና፡ ሕያውነት፡ ትዕግሥቲ ልበሱ። ንሓድሕድኩም ተጻዋወሩ፣ ኣብ ሞንጎኹም ቅር ዜብል ነገር እንተሎ ይቕረ ተበሃሃሉ። ኣብ ልዕሊ እዚ ኩሉ ግና ንኹለን ኣሲራ ኣብ ፍጻሜ እተብጽሐን ፍቕሪ እያ እሞ ልበስዋ።" ይብለና። ቀጺሉ ብዛዕባ ኣብ ሓዳር ሰብኡትን ኣንስትን ብምክብባርን ብፍቕርን ኪነብሩን፣ ንደቆም ብግቡእ ኬዕብዩን፣ ውሉድ ከኣ ንወለዶም ክእዘዙን ይመክር።<br>• ወንጌል ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ሕፃን ኣብ 40 መዓልቱ፡ ወለዱ ቅድስቲ ማርያምን ቅዱስ ዮሴፍን ከም ሕጊ ሙሴ  ናብ ቤተመቕደስ ከም ዘቕረብዎን፡ ቅዱስ ስምዖን ከም ዝተቐበሎን ንኣምላኽ "ኦ ጐይታይ ደጊም ንባርያኻ ኸም ቃልካ ብሰላም ኣፍንዎ። ከመይ ኣዕይንተይ ነቲ ምድኃንካ ርእየናኦ ኢየን። እዚ ኸኣ እቲ ኣብ ቅድሚ ኹሉ  ሕዝቢ ዘዳሎኻዮ ድኅነት እዩ። ንሱ እቲ ነሕዛብ ብርሃን ንሕዝብኻ እስራኤላውያንውን ክብሪ ዚገልጽ እዩ።" ኢሉ ከም ዘመስገነን ይነግረና።<br><br>ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ፡ ብዛዕባ ወለድን ውሉድን ይዛረበና። ኣብ ሥድራቤት ከም ሕዝቢ ኣምላኽ ኣብ ምሕረት፡ ለውሃት፡ ትሕትና፡ ትዕግሥቲ ብፍላይ ከኣ ኣብታ መሠረት ኩሉ ዚኾነት "ፍቕሪ" ኪስረት ከም ዘለዎ ንመሃር። ውሉድ፡ በረኸት ኣምላኽ ምእንቲ ኪረኽቡን ዳሕራይ ብውሉዶም ምእንቲ ኪሕጎሱን ነቦን ኣደን ኪእዘዙን ከኽብሩን ከም ዘለዎም ይምህረና። ወለዲ ከኣ ንውሉዶም ብፍቕሪ ክኹስኩስዎምን ከዕብይዎምን እምበር ከይድህልዎምን ካብ ቤት ዜርሕቕ ኩራ ከየስዕብሎምን ይመኽረና። ብፍላይ ካብ ቅድስቲ ማርያምን ቅዱስ ዮሴፍን ከም እንመሃሮ፡ ወለዲ ንደቅና ከም ናይ ኣምላኽ ውሉድ ገይርና ንኣምላኽ ከነወፍዮምን፡ ካብ ቤት ኣምላኽ ከይረሓቑ ከም ዚዓብዩ ኪንገብሮምን መንገዲ የርእየና ኣሎ። "ኦ ጐይታይ ሥድራቤተይ ከም ዜፍቕርን ዝሓልየላን ግበረኒ። ብመንፈስ ብሓደ ኣብ ፍቕርኻ ከም እንዓቢ ድማ ግበረና!" |